## ሄፓቲቲስ ቢ እንታይ እዩ?

ሄፓቲቲስ ቢ ንጸላም ከብዲ ዘጥቅዕ ቫይረስ እዩ። እተዘይተሓኪሙ፣ ናይ ጸላም ከብዲ ዉድቐትን መንሽሮን ከስዕብ ይኽእል እዩ።

ብዓለም ደረጃ ብግምት 296 ሚልየን ሰባት ምስ ሄፖቲተስ ቢ ይነብሩ ኣለዉ። ብዙሓት ሰባት ናይ ሕማም ስምዒት ወይ ምስሊ ስለዘይብሎም ከምዝተትሓዙ ኣይፈልጡን እዮም።

ሄፓቲቲስ ቢ ቫይረስ ብዝተለኽፈ ደም ወይ ብሓደሓደ ናይ ኣካል ፈሰስቲ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይመሓላለፍ።

## ሄፓቲቲስ ቢ ን ጥንስን

ነብሰጾር ምስ እትኾኒ፣ ከም ክፍሊ ክንክን ቅድመ ወሊድ ናይ ሄፓቲቲስ ቢ ናይ ደም ምርመራ ክትገብሪ ኣለኪ።

ተለኺፍኪ ምስ እትኾኒ ኣብ እዋን ሕርሲ ናብ ናጽላኺ ሄፓቲቲስ ቢ ከተመሓላልፉሉ ትኽእሊ ኢኺ።

ነብሰጾር እንተኾንኪ ከምኡዉን ሄፓቲቲስ ቢ ምስ ዝህልወኪ፣ ዉላድኪ ረኽሲ ንምክልካል ካብ ዉልደቱ ጀሚሩ ክታበታት ክወስድ ይክእል እዩ።



## ንተወሳኺ ሓበሬታ፡-

**Centers for Disease Control and Prevention (CDC፣ ማእከል ምክልካልን ምቁፅፃርን ሕማም)**
www.cdc.gov/hepatitis/hbv/

**HepB Moms**
www.hepbmoms.org (እንግሊዘኛ)

HepBHub
doh.wa.gov/hepbhub

DOH 420-406 መይ 2022 Tigrinya

ነዚ ሰነድ እዚ ብካልእ መልክዕ ንምሕታት ናብ 1-800-525-0127 ይደዉሉ። ጽሙማን ወይ ናይ ምስማዕ ጸገም ንዘለዎም ዓማዊል ብኽብረቶም ናብ 711 (Washington Relay) ወይ ናብ civil.rights@doh.wa.gov ኢመይል ይግበሩ።

ምንጪ፡- CDC, Protect Your Baby for Life



# ሄፓቲቲስ ቢ፡-

# ንነብስኽን ንዉላድክን ንምሕላዉ ክትፈልጥዮ ዘለኪ

Washington State Department of Health



## ሄፓታይተስ ቢ ንዉላደይ ሓደገኛ ድዩ?

ህጻናት ብሄፓታይተስ ቢ ምስ ዝጥቕዑ፣ ዕድሚኦም ምሉእ ዝጸንሑ፣ ሕዱር ሕማም ናይ ምምዕባል 90% ዕድል ኣለዎም።

እንተዘይተሓኪሞም፣ ሕዱር ሄፓታይተስ ቢ ካብ ዘለዎም 4 ህጻናት እቲ 1 ከም ናይ ጸላም ከብዲ ጉድኣት፣ ናይ ፀላም ከብዲ ሕማም ወይ ናይ ፀላም ከብዲ መንሽሮ ዝበሉ ከበድቲ ናይ ፀላም ከብዲ ፀገም የማዕብል እዩ።

እቲ ደስ ዝብል፣ ሄፓታይተስ ቢ ብጣዕሚ ዉሕስነት ብዘለዎን ዉጺኢታዊ ብዝኮነን ክታበት ምክልካል ይክእል እዩ።

## ዉላድኪ ሓልዊ ከምኡዉን ሄፓታይተስ ቢ ተኸላኸሊ

ዉላድኪ እቲ ናይ መጀመርያ ናይ ሄፓታይተስ ቢ ክታበት ካብ ዝተወለደሉ ኣብ ዉሽጢ 24 ሰዓታት ክወስድ ኣለዎ።

ንሄፓታይተስ ቢ ፖዘቲቭ ምስ እትኾኒ፣ ዉላድኪ ካብ ዝተወለደሉ ኣብ ዉሽጢ 12 ሰዓታት ሄፓታይተስ ቢ ኢሙኔ ግሎቡሊን (HBIG) ክወስድ ኣለዎ።

ዉላደን ካብ ሄፓታይተስ ቢ ንምክልካል ኩሎም 3 ናይ ሄፓታይተስ ቢን HBIGን ክታበታት የድልዮ እዩ። ንዉላድኪ ተዓቒቡ ከም ዘሎ ንምርግጋጽ ኣብ 9–12 ኣዋርሕ ኣመርምርዮ።

| ዝወሃበሉ ዕለት | ሄፓታይተስ ቢ ካብ ዘለዋ ነብሰ-ጾር ዝተወለደ ህጻን ኣብዚ ዝስዕብ ክወስድ ኣለዎ |
|---|---|
| ኣብ እዋን ወሊድ | ናይ ዉላድ መጠን ክታበት ሄፓታይተስ ቢን ሄፓታይተስ ቢ ኢሙኔ ግሎቡሊንን (HBIG) |
| 1–2 ኣዋርሕ | 2 ይ መጠን ክታበት ሄፓታይተስ ቢ |
| 6 ኣዋርሕ | 3 ይ መጠን ክታበት ሄፓታይተስ ቢ |
| 9–12 ኣዋርሕ | ዉላድኪ ተዓቒቡ ከምዘሎ ንምርግጋጽ መርመራ ገበርሉ |

ዉላድክን ክትከላኸላ ዘኽእለክን ካልእ መንገድታት ኣብዚ ኣለዉ:-

- ሄፓታይተስ ቢ እንዳሃለወክን እዉን ምጥባዉ ትኽእላ ኢኽን። ዝነቅዕ ወይ ዝደሚ ጫፍ ጡብ እንተኣማዕቢልክን ምስ ሓኪምክን ተዘራረባ፤ እናጥበኽን ከለኽን ዝሕግዙ ካልኦት ኣማራጺታት ኣለዉ።
- ናይ ሄፓታይተስ ቢ ክታበት መዝገብ ሓዛ ከምኡዉን ኣብ ናይ ሕክምና ቆጸራኽን ኣምጽእኦ።
- ንኣባላት ስድራ ቤትክን ንሄፓታይተስ ቢ ክምርመሩን ክኽተቡን ግበራ።

## ሄፓታይተስ ቢ እንተዘይብልኪ

ሕጂእዉን ንባዕልኽን ንዉልድክን ብዉሑሱን ዉጺኢታዊን ብዝኮነን ክታበት ምዕቓብ ይከኣል። ነቲ ተከታታሊ ክታበት ከም እትዉድእዮ ኣረጋግጺ።

| ዝወሃበሉ ዕለት | ህጻን ክወስደሉ ዝኽእል |
|---|---|
| ኣብ እዋን ወሊድ | ናይ ወሊድ መጠን ክታበት ሄፓታይተስ ቢ |
| 1–2 ኣዋርሕ | 2 ይ መጠን ክታበት ሄፓታይተስ ቢ |
| 6 ኣዋርሕ | 3 ይ መጠን ክታበት ሄፓታይተስ ቢ |

## ሄፓታይተስ ቢ ምስ ዝህልወኪ ነብስኺ ተኸናኸኒ

ናይ ጸላም ከብድኺ ጥዕና ንምፍላጥን መድሃኒት የድልዩኺ ምዃኖም ንምፍላጥን ተወሰኽቲ ምርመራታት ከድልዩኺ ይኾኑ እዮም።

ጸረ ቫይረስ (antivirals) ዝበሃሉ መድሃኒታት ሄፓታይተስ ቢ ንዘለዎም ብዙሓት ሰባት ከድሕኑ ይክእሉ እዮም። ይኩን እምበር ኩሉሰብ ኣይኮነን መድሃኒት ዘድልዮ።

ሓደሓደ መድሓኒታት ንጸላም ከብዲ ብከቢድ ክጎድኡ ስለዝክእሉ ቕድሚ ዝኾኑ ዝተኣዘዙ መድሃኒታት፣ ብዘይ ትእዛዝ ዝዉሰዱ መድሓኒታት፣ ተወሰኽቲ ወይ ቫይታሚናት ምዉሳድኩም ንሓኪም ሕተቱ።

ካብ ክታበት ሄፓታይተስ ኤ (A) እዉን ጥቕሚ ክርከብ ይኽእል እዩ። ድሕሪ ወሊድ ረኽሲ ንምክትታል ናብ ሓኪም ምኻድ ይቐጽሉላ።